# ብመቕርብካ ንዓመጽ ተቓሊዕካ/ኪ’ዶ ትፈልጥ/ጢ?

ዓመጽ ኣብ መቕርባት ብዙሕ መልክዕ ኪሕዝ ይኽእል። ሓደሓደ ግዜ መጻምድትኻ ንዓመጽ የቃልዓካ፤ ስሕት ኢሉ ኸኣ ካልኦት ኣዝማድካ (መቕርብካ)። ቈልዑ’ውን ንወለዶም ንዓመጽ ኬቃልዕዎም ይኽእሉ’ዮም። ዓመጽ ስነ-ኣእምሮኣዊ: ኣካላዊ ወይ ወሲባዊ ኪኸውን ይኽእል። ንኣብነት: ንገለ ካብዞም ዚስዕቡ ዚምልከት ኪኸውን ይኽእል፤ እቲ ንዓመጽ ዜቃልዓካ ሰብ:-

- ሕማቕን ሕሱምን ጸርፊ ይጸርፈካ/ኪ፤ ወይ ሕማቕን ኣሽጋሪ/ትን ምኧንካ/ኪ የስምዓካ/ኪ
- ይደፍኣካ/ኪ: ይወቕዓካ/ኪ: ይቐልዓካ/ኪ: ወይ ብኻልእ ኣገባብ ይጐድኣካ/ኪ
- ይቈጻጸረካ/ኪ: ይድርተካ/ኪ፤ ዘይደለኻዮ/ኽዮ ነገር ክትገብር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ጠባይካ/ኪ ወይ ቅዲ ህይወትካ/ኪ ክትቅይር/ሪ ይግድደካ/ኪ
- ንርክብ ስጋ ይግድደካ/ኪ
- ንቑጠባኻ/ኺ ይቈጻጸር

**ንዕቑባን ደገፍን መሰል ኣሎካ/ኪ**

ዝኾነ ሰብ ብመቕርቡ ዓመጽ ኪወርዶ ይኽእል’ዩ። ንዓመጽ ዝተቓላዕካ/ኪ: ሓበሬታ ክትረክብ/ኽቢ: ዕቑባን ደገፍን ክትረክብ/ኽቢ: ብኣኽብሮትን ብምድንጋጽን ክትተሓዝ ኣለካ። መሰልካ/ኪ እዩ። ደቂ እንተ ኣሎዉኻ/ኺ እውን ደገፍ ኪረኽቡ መሰል ኣሎዎም።

**እዞም ዚስዕቡ ደገፋት ምርካብ ይከኣል:-**

- ዝርርባዊ ደገፍ
- ዕቑባን ግዜያዊ ገዛን
- ምስ ካልኦት ትካላት መንግስቲ ርክብ ንምግባር (ንኣብነት ምስ ፖሊስ) ደገፍ ምሃብ።

ምሳና ርክብ ግበር/ሪ’ሞ ክንሕግዘካ/ኪ ኢና። ስምካ ክትሓብእ/ኢ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

ኣብ ህጹጽ ሓደጋ ኵሉሳዕ 112 ደውል/ሊ።

**እዚ ዝስዕብ ሓገዝ ክትረኽቡ ትኽእሉ:**

**ዝርርባዊ ድጋፍ**

**ምስ ካልኦት ንምርኽብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ምምሕዳር ከተማ**

**ምስ ካልኦት ንምርኽብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ፖሊስ**

**ምስ ካልኦት ንምርኽብ ዝግበር ድጋፍ። ንኣብነት ኣገልግሎት ጥዕና**

**ድሕነትን ግዝያዊ መዕቆብን**

**ጉጅለታት ዘተ ወይ ዝርርብ**

**ድጋፋዊ ዝርርብ ወይ ቻት**

**ሕጋዊ ምኽሪ**

**ድጋፍ ወላዲነት**

**መኣዲ ርኽክባት**

**ንጾታውነትን ዝምድናታትን ዝምልከት ዝርርብ**

**ዚርከብ ሰብ:**

- **ንጥፈት:** Kvinnojouren Karlskrona
- **ኣድራሻ ኢ-መይል:** info@kvinnojourenkarlskrona.se
- **ቍጽሪ ስልኪ:** 0455-18803
- **መካነ-መርበብ:** www.kvinnojourenkarlskrona.se
- **ናይ ምብጻሕ ኣድራሻ::** Skepparegatan 18 B 371 30 Karlskrona